Australian Red Cross

redcross.org.au/workrighthub

ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዘመናዊ ባርነት ፈጠራ

ዘመናዊ ባርነት ማለት ንግለሰባት ንምብዝባዝን ናጽነቶም ንምግፋፍ ዝጥቐሙሉ ምግዳድ፤ ምፍርራሕ ወይኻዓ ምትላል ይኸውን። ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ እዚኦም ከቢድ ገበን ወንጀል ከምዝኾኑ፤ በዚ'ውን ሰብ ዘይሕጋዊ ምዝውዋር፤ ባርነት፤ ጊሊያነ፤ ብምግዳድ መርዓ፤ ብምግዳድ ሥራሕ፤ ንዕዳ መተኽኢ ሥራሕ ምግዳድ፤ ዝገደደ ዓይነት ንሕጻን ክሠርሕ ምግባር፤ ከምኡ'ድማ ብሓሶት ናይ ሥራሕ ወይኻዓ ኣገልግሎታት ሠራጅተኛ ኣመራርጻ ዘካተተ እዩ።

ኣብ ሥራሕ ምዝመዛ እንተተጌሩ ሓገዝ ከምዘሎ እዩ።

መረዳእታ ወይኻዓ ምስጢራዊ ዝኾነ ምኽሪ ንምርካብ በጃኹም ንኣውስትራሊያ ቀይሕ መስቐል ኣዘራርቡ። ብስልኪ 1800 113 015 ወይኻዓ ብኢሜል national_stpp@redcross.org.au

ኣብ ሥራሕ ኣግባብ ዘሎ ምትዕንጋድ ክግበረልካ ኣለዎ::

ንስኻ ወይኻዓ ትፈልጦ ዝኾነ ሰብ:

- ብሓይሊ ክትሠርሕ ምግባር ወይኻዓ ድሕንነት ዘይብሉ ሥራሕ
- ምስ ንእሽተ እረፍቲ ንነዊሕ ሰዓታት ክትሠርሕ ምግባር
- ብኣግባብ ክፍሊት ዘይምርካብ
- ሥራሕ ክትቐጸር ንዘዳለወ ወይኻዓ ንሥራሕ ቆጻሪ፣ መጉዓዚያ፤ ንመጽለሊ ቦታ፣ ንኽዳን፣ መግቢ፣ ትራንስፖርቲ ወይኻዓ ንሥራሕ ዶኩመንቲታት ብዙሕ ዕዳ ምክፋል
- ንናይ ሥራሕ ቦታ ምግዳፍ ወይኻዓ በቲ ኩነታ ምስምማዕ ዘይምኻኣል
- ኣብ ሥራሕ ቦታ ምፍርራሕ ወይኻዓ ምፍራሕ፤ ከም ካብ ሃገር ትስጐግ ኢካ ወይኻዓ እቶም ስድራቤት ኣባላት ጉድዓት ክበጽሆ ብምባል ምፍርራሕ
- ንናትኻ ፓስፖርቲ ወይኻዓ ካል እ መለለዩ ዶኩመንቲ ባጤራ ክትረክብ ዘይምኽኣል
- ኣብዝኾነ ሰብ ገዛ ብምሥራሕ እሞ ንግሊ ጉዳይ ወይኻዓ ማሕበራዊ ርክቢ ንምግባር ሓሓሊፊ ጥራይ ክትኸይድ ምግባር
- ንጸርፊ ውርደት፤ ብንዕቐት ምትዕንጋድ፤ ብጐንጺ ወይኻዓ ንሁከት ምቕላዕ

ደገፍ ይዳለው እዩ

ቀይሕ መስቐል ምክሪን ደገፍ ከምዝህብን ናብ ካልኦት ሓገዝ ዝህቡ ኣገልግሎታት ምልኣኽ ይኽእል እዩ። ናይ ኣስተርጓማይ ግልጋሎት ይዳለው እዩ። ብስልኪ 1800 113 015 ጌርኻ ምድዋል ወይኻዓ ብኢሜል national_stpp@redcross.org.au ጌርኻ ምርኻብ።

ከምኡ'ውን ሰባት ናብ ዝነበርዎ ክምለሱን ሕይወት ናብርኦም ዳግም ንክመዓራረ ዝሕግዝ ናይ ናይ ሓገዝ ፕሮግራም ኣሎ። ሰባት ድሕንነት ዘለዎ ዝኾነ መጽለሊ ቦታ ንምድላይ፤ መዲኬር ንምርካብ፤ መማኽርቲን ሕጋዊ ዝኾነን ናይ ማይግሬሽን/ስደተኛ ምኽሪ ፋይናሻል ሓገዝ፤ ንትምሀርቲን ሥልጠና ወይኻዓ ሥራሕ ንምድላይ ደገፍ፤ ከምኡ'ውን ምስ ማሕበራዊ ንምርኻብ እቲ ፕሮግራም ይሕግዝ። ብዛዕባ እዚ ፕሮግራም ቀይሕ መስቐል ብዝበለጸ ክነግረኻ ይኽእል እዩ።*

ናይ ህጹጽ ጸገም ወይኻዓ ብዝኾነ ሰብ ድሕንነት ጸገም እንተኾይኑ ንፖሊስ ብ 000 ምድዋል። ዘመናዊ ዝኾነ ባርነት እንተሃልዩ ንኣውስትራሊያ ፈደራል ፖሊስ ብስልኪ 131 237 ጌርካ ምድዋል።

ንዘለኻ መሰላት ምፍላጥ

ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ኩሉ ሠራሕተኛ ብሕጊ ዝተሓለወ መሰረታዊ መሰላት ኣለዎም። በዞም ሕጊታት ንኩሉ ሠራሕተኛ ዘኻተተ ከምዝኾነ፤ እዚ'ውን ካብ ወጻእ ሃገር ንዝመጹ ብዘይግድስ ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዝጸንህሉ ግዜ ወይኻዓ ዓይነት ቪዛ ግምት ውሽጢ ከይኣተወ ዘካተተ እዩ።

ብዛዕባ ናይ ሥራሕ ቦታ ዘለኻ መሰላት መረዳእታ ንምርካብ ብዌብሳይቲ www.fairwork.gov.au, ኣቲኻ ምርኣይ ወይኻዓ ንፍትሓዊ ሥራሕ መርመረ መረረ/Fair Work Ombudsman ብስልኪ 13 13 94 ምድዋል።

ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተኾይንካ፤ ንተርጓማይን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ (TIS) 13 14 50 ጌርካ ምድዋል።

This Modern Slavery grant activity received grant funding from the Australian Government.

*ዘይሕጋዊ ንዝኾኑ ሰባት ፕሮግራም ደገፍ ንምድላው ናይ ኣውስትራሊያ ቀይሕ መስቐል ገንዘብ ሓገዝ ዝረኽቦ ብናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መምርሒ እዩ።

TIGRINYA